# <u>ኣገዳሲ ኣዋጅ</u>

ብሰንኪ ዑቡድ ስርዓት ኣብ ኣስመራ: ሃገርና ኣብ ዝኸፈኤ ፖለቲካዊን ቁጠባውን ቁልውላዋት ጥሒላ ትርከብ ኣላ። እዚ ስርዓት'ዚ ሓድነት ሃገር ኣብ ዘስግእን፣ እቲ ካብ ነዊሕ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝተረኽበ ሓቢርካ ብሰላም ናይ ምንባር ኩነት ኣብ ሓደጋ ኣውዲቕዎ ይርከብ። እዚ ድማ ነዚ ዝህንደድ ዘሎ ስርዓትን ወታህደራዊ ዓቕምታቱን ቀንጸልቲ መሳሪሒታቱን  ንምውዳቕ ዘቃላጥፍ ዝተፈላለዩ ትካላት ሓይሊ ህዝቢ ዓቕምታቶም ንኸሕይሉን ንኽወሃሀዱን ናይ ግድን ይኸውን።

**ተባዕ ህዝብና:**

ካብ መጀመርታ ናጽነት ሃገር ኣትሒዙ ስርዓት ህግደፍ ሃገር ምስባሓተ፣ ነቲ ስርዓት ዝፈረዶ ኩዉን ፖሊሲ ራሕሪሑ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ መንእሰያት ድማ ብፍላይ ነቲ ባዕሉ ዘሳውሮ ኩናት መጋርያ ስለዝገበሮምን ኻዝናታቱን ጁባታት ዑሱባትን ንኽመልእ ኣብ ስራሓት እምኒ ብምሕጻር ሃገሮም ገዲፎም ናብ ደገ ይስደዱ ኣለዉ።

ውጽኢት ናይዚ ፖሊሲ'ዚ ድማ: ገለ ካብቶም ተገዲድና ዝወጻእና መንእሰያት፣ ነቲ ዘሎ ኩነታት ተቓውምቲ ኤርትራ ብዑቱብ ክንከታተሎ ድሕሪ ምጽናሕ፣ ንዘሎ ኩነታት ሃገርና ንምቕያር እቲ ዝውሃብና ዕድላት ናይ ቃልስን፣ ንቃልስታት ሓይልታት ተቓወምቲ ኤርትራ ዝሕይልሉ መንገድታትን ድልየታትና ብተግባርን ብሓሳብን ብዘሎ ቕርጻ ዘማልእ ኩነት ሃሰስ ክንብል ድሕሪ ምጽናሕ፣ ገለ ካባና ምስኣተን ተጸንቢሮም ድሕሪ ምጽናሕ፣ ውሽጣዊ ኩነታት ናይዘን ተቓወምቲ ንቀጻሊ ቃልስና ስለዝዓንቀፎ ብስም **"ማሕበር ምትሕግጋዝ መንእሰያት ኤርትራ"** ዝብል 61 ዝኣባላታ ማሕበር ብምቛም ናይዛ ማሕበር'ዚኣ ኣባላት መብዛሕትኦም ኣብ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ገለ ካብኣቶም ቕድሚ ናጽነት ዝጋደሉ ዝነበሩ እዮም። እዚ ድማ መቐጸልታ መጽናዕቲ ኩነታት ተቓወምቲ ኤርትራ ብኸመይ ሓቢርካ እትሰርሓሉን መንገዲ ንምፍላጥ ዝዓለመ እዩ።

ድሕሪ ዓሚቕ መጽናዕቲ'ዚ ድማ: ፈደላዊ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ዋላ'ኳ ቦቶም ሙሁራን ደቂ ሃገር ኣብ ሓጺር ጊዜ ዝተመስረተ ምንቅስቓስ ይኹን እምበር ብቐጥታን ብተግባርን ንኩነታት ህዝቢ ኤርትራን ዘተኮረ ብምኻኑ፣ በዚ ድማ ንድልየታት ህዝብና ዘማለኤ ምንቅስቃስ ኮይኑ ረኺብናዮ። ብዙሓት ውድባት ንጉዳያተን ንኩነታተን ፖለቲካ ሕብረተ-ሰብና ብተብዓትን ተግባርን ኣላዒለነኦን ድማ ነቲ ኣበሳን ጉድለታትን ብቀጥታዊ መንገዲ ኢደን ኣንቢረናሉ። ወላ'ኳ እዚ ተባዕ ራእን ሓሳብን፣ ክብረትን እምነትን ህዝቢ ኤርትራ ዘንበረ እንተኾነ፣ ገለ ሓይልታት ተቓወምቲ ገና ንኹነታት ህዝብና ጊዜ ብዝሓለፎ ምስ ኩውንነት ዘይከይድ ኣተሓሳስባን ሓንጎልን ክታዓማመሉ ይረኣዩ ኣለዉ።

እዛ ምንቅስቃስ'ዚኣ ሱቕ ኢልካ ሕለፎም ንዝበሃሉ ጉዳያት ብምልዓል ማለት ኣገባብ መንግስትነት ጉዳይ መሬት፣ መሰል ብሄራት፣ ምምቕራሕ ጸጋታት፣ ብሓይሊ ሰንዳትን ጭብጥታትን ብምልዓላ ንካድራትን ኣባላትን ካልኦት ውድባትን ፖለቲካውያን ተንቀሳቓስትን ጸልያ ትርከብ። እዛ ምንቅስቓስ'ዚኣ ሓድሽ ኣገባብ

ቃልሲ ማለት ስቪል ማሕበራት ኣብ ቃልሲ ከምዝካፈላ ምግባርን ጸቕጢንስርዓት ክገብራን ዝሕይላሉ መንገድታት ኣብ ምርካብን ኩፉእ ገጻት ናይቲ ስርዓት ኣብ ምቅላዕ ዝዓለመ ሓድሽ ኣገባባት ዘእተወ ምንቅስቓስ እዩ።
ኩቡራት ኣሕዋትን ኣሓትን
ንንጥፈታት ፈደራላዊ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ዝከታተል ሰብ ብዘለዋ ዲናሚካዊ ዓቕሚን ሁርክትነት ስራሕን ንህዝቢ ኣብ ምስሓብ ዘመዝገበቶን ዓወትን ኣብ መላእ ህዝብና ዘርኣየቶ ምስፍሕፋሕን ነቲ ሒዛቶ ዘላ ሓሳብ ሓላፍነቱ ብምስካም ፣ ህዝብና ንሽግራት ምሕደራን ምቕረሔ ጸጋታትን ብሰላማዊ መንገዲ ዘናብር ሕግታት ስርዓተ ፈደራላዊ ምሕደራ ጥራሕ እዩ ዝብል ሓሳብ ዘብጸሔት ብምኳና ዓቢ ዓወታት ኣመዝጊባ። ስለዚ በዝን ካልእን ምኽንያታት ናብ መስርዕ ፈደራላዊ ዲሞክራስያዊ ምንቕስቓስ ኤርትራን ተጸንቢርና ሓቢርና ኣበርቲዕና ክንቃለስ ወሲና ኣሎና። ፈደራላዊ ምንቅስቓስ ንበይኑ ክበጽሖ ዘይካኣለ ኣገባብን መሳሪሒታትን ተጠቒምካ ብመንገዲ'ዚ ድማ ንዑቡይ ስርዓት ኣንነት ኣውድቕካ ዲሞክራስያዊ ሃገራዊ ስርዓት ንምትካል ሓቢርና ክንሰርሕ መሪጽና ኣሎና።

**ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ:**

ንሕና እዚ ስጉምቲ ንወስድ ዘለና ነዚ ብወታሃደራዊ ዓቕሙ ዝምካሕ ዘሎ ስርዓት ንምውዳቕ ጻዕርታትና ከነሕይል ምኳና በዚ ኣጋጣሚ ንህዝብና ቃል ብምእታው ንኹሉ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻን ብፍላይ ነቶም እዚ ስርዓት ብትምክሕትን ፖሎቲካዊ ዑቡይነትን ዝጎሰየም መንእስያት ኤርትራ ኣሰርና ተኸቲሎም ኣብ መስርዕ ፈደራላዊ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ተጸንቢሮም ንምቅልጣፍ ዓወታትን ነጻን ፍትሕን ዝነገሳ ሃገር ኣብ ምምስራት ከነቃላጥፍ ጻዊዕትና ነቕርብ።

## ክብሪ ንህዝቢ ኤርትራ
## ነጻን ክብረትን ንኡስራትና
## ንመስርሕ ምቕያር ፈደራላዊ ምንቅስቓስ ይኹን ምርጫና
## 09-ሚያዝያ-2007ዓ,ም

<u>ምምሕዳራዊ ኣካል</u>

1. ኣደም ኼር ኣልኣሚን…………………………….. ኣቦ-መንበር
2. መሓመድ ኣድም ኢብራሂም መዲን………………… ሴክሬታሪ
3. ኢድሪስ ሁመድ መሓመድ ዑመር ………………… ተሓዚ ገንዘብ
4. ዓብዱ ኣደም ማንታይ ሼኽ………………………….. ሓላፊ ዜና
5. ዓረፋ ዓወድ ኣደም መሓመድ……………………….. ሓላፊት ደቂ ኣንስትዮ